# እምንና ወሪቑ

እንተዘንትውልና መፃሕፍቲ

እምንና እቲ ቀደም ጥንቲ

ሓወልትታት ቀሪፅናሉ

ኣብያተ እምነት ሃኒፅናሉ

ኣዳራሽ፣ህድሞ፣ ሰቐላ ኲሒልናሉ

ደሓር ድማ ተፀሪፍናሉ

" ምድረ ትግራይ ኮኽሒ እንዳኣሉ

ዝስተ ማይ ዝብላዕ ፍረ ዘይሕፈሰሉ፣

ተባሂልና ተፀሪፍናሉ ተዋሪድናሉ፣

ሎሚ ግና ዘፍፅግ ኣንፈት ሰኒቑ

እምንና... ኣብረቕሪቑ ወሪቑ፣

ከተማታት ትግራይ ዝሩወን

እምንና ወሪቑ መዓርግ ኣልቢሱወን

ኣልማዝ ዕንቆን ኮይኑ ኣድሚቑወን፣

ንስራሕ ዕጥቁ ቀሪብኩም ሕተትዎ

" ሃይሃይታ ምንፃፍ እምኒ ከመይ በለ?" በሉዎ፣

" እመስገኖ እንታይ ከፊኡኒ

እምኒ ዓደይ ሕምባሻ ኮይኑኒ

ናብ መሳልል ዕቤት ኣሰጋጊሩኒ፣"

ክብለኩም'ዩ ኮበል ትግራይ

ኣንደበቱ መሊኡ ኣብ ኣደባባይ፣

ንወረጃ ጎርዞ ወንጥርዋ

“ ድኻምኪ ኣፍፀገ'ዶ?” በልዋ

ጠስሚ ዘስተየኩም ምላሽ ኣለዋ፣

እንጀራ፣ ጎጎ...ፃባ፣ መዓር ከይኑ ከምዘፅገባ

እምንና ወሪቑ...ከምዝኾና ወርቂ ሕዛባ፣

ክትነግረኩም'ያ...ብልበ-ምልኣት

እታ ውሽጣዊ ቁንጅና ዝተዓደለት፣

ንዘበናት ኣብ ጓጓና ዝነበረ

'ከንቱ'ዩ ዋጋ የብሉን' ዝተብሃለ፣

ሓመድና ሓመድ መሰቦ

ንሃፍቲ ነዳዲ ዘንፅቕ ኮይኑ

ማዕኸን ሚሊዮናት ኣሰሲኑ፣

ተከዘ፣ ግቤ፣ በለስ፣ ኣባይ ኣብ

ቤቶም ከፅልሉ

ኣፅሊሎም ብርሃን ከፍልፍሉ

ፍረን ተኽልን መጊቦም ከብቁሉ

እነሆ ኣብ ጥቕሚ....ውዒሉ፣

ሸውሸው....እናተወርወረ

ልሑም ሓመድ እናፆረ

ኣዒንትና ዘዕወረ

“ ኤህ ንፋስ መቐለስ...”

ተባሂሉ ዝተረገመ

ሃገር ኣገረመ፣

ንፋስና ንፋስ ጥንቲ

ኮይኑልና መብራህቲ፣

ኣሸጎዳ ዝዓቖረቶ ልግሲ

ዋሕሳ ኮይኑ ንነብሲ፣

እሞኸ ዘይበልየልኩም ተኽሉ

ትግራይ” ኮኸሒ'ያ ” እትብሉ

እምና ሓመዳ ወሪቑ

ንፋሳ ፀሓያ ኣብረኽቕሪቑ፣

እንጀራ ቅጫ

ሓለፋ ብልጫ፣

ዝዕተር ዝቑፀር

ቅርሺ ዶላር፣

ዩሮ ፓውንድ

የን ስተርሊንግ

ፀጋታት ዘዐድግ፣

ኮይኑዋ ምኸኸ

መልሓስኩም ሕየኹ፣

ዝወነንናዮ ቅኑዕ መስመር ኣይኣርግ ኣይበሊ

ዕብዕባሕ ይሳሓል  ይዕንብብ ይፈሪ፣

///                    ///                    ///

ብፀጋይ ሓድሽ

19/06/2002 ዓ.ም ( 5.52 ለይቲ)

<u>**መቐለ**</u>